ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.277 | ሰንበት 20 ሓምለ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዝተጻሕፉን ዘይተጻሕፉን መደባት



ገጽ 4
ካብ ሓደጋታት ዝናብ ብኸመይ ንከላኸል፧


ገጽ 5
ፋብሪካ መድሃኒት ኣብ ሰውራ



ገጽ 7
ጽንብል መመረቕታ ተመሃሮ ኮሌጅ ሓመልማሎ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ህልው ዓለማውን ዞባውን ጉዳያት ዘተኰረ ሰፊሕ ቃለ-መጠይቕ ኣካዪዱ



ስእሊ-ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንህልው ዓለማውን ዞባውን ጉዳያት ኣመልኪቱ፡ ትማሊ 19 ሓምለ፡ ምስ ማዕከናት ዜና ወሽጢ ሃገር ሰፊሕ ቃለ-መጠይቕ ኣካዪዱ።

ንህልው ዓለማዊ ኩነታት ኣብ ዝምልከት ኣርእስቲ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ መላእ ህዝቢ ዓለም ሕርያ፡ ፍትሒን ሰላምን ምኽባርን ኣብ ዝሰፈና ዓለም ምንባር ምዃኑ፣ እንተኾነ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝሰዓበ ናይ ዝሑል ኩናት ውድድር ረብሓታት፣ ከምኡ'ውን ድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኩናት፡ ሓደ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምዕዋት ዝተኻየደ ዕንደራታት፡ ንባህጊ ህዝብታት ዓለም ብዘፈሻሽ ብምዃኑ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ተፈጥሮኣዊ ካብ መግዛእቲ ናጻ ናይ ምዃን ባህርያዊ መሰሉ ከም ዝሰፍሖን ንምርግጋጹ ኣብ ቃልሲ ክኣቱ ከም ዝተቐሰቦን ገሊጹ።

ናይ ዓለቕን ዝምታን ፖለሲታት ክሰዓብ ዘሎ ቃልሲ ህዝብታት ዓለም ዘቋርጽ ከም ዘይኮነ ብምሕባር ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት፡ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ናይ ምስግጋር ምልክታት ምዃኑ ኣገንዚቡ። ይኹን'ምበር፡ ዛጊት ንሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ዘማእዝን መርሓ ጉደና ኣሎ ክበሃል ከም ዘይክኣል፡ እቲ ዘሎ ፈተናታት ድማ ካብ ናይ ህዝባዊ ርክባት ጸወታ ዝሓልፍ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ክማጦ ዘኽእል ግዜን ከፈጥሮ ዝኽእል ቅርጽን ብዘየገድስ፡ እቲ ምስግጋር ዘይተርፍ ምዃኑን ዓቕሚታት ተዋሲኦም ዝጸንሑ ወገናት ክሕወሶ ከም ዝኽእልን ኣረዲኡ።

ብዛዕባ ኣህጉር ኣፍሪቃ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 80 ዓመታት ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታታ እናተዘምተ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ መግደፍን ድጉማን ቁጠባ ተሸሚማ ምጽንሓ ብምግላጽ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ዓለማዊ ምዕባለታት ብፍላይ ድማ ምንቅልቓልን ምቁራጽን ረድኤት፡ ንኣፍሪቃውያን ብእወታ ዘቕስቕስ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ኣፍሪቃ ካብ ከምዚ ዓይነት ናይ ግልያነት ፖሊቲካን ቁጠባን ወጺኣ ካብ ምሻጥ ጥረ ነገራት ናብ ምምስራሕን ክብሪ ምውሳኽን ክትከይድ ከም ዝግብኣ ብምግላጽ ከኣ፡ ዝያዳ ኩሉ ድማ ካብ'ቲ ንዘምታ ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ዘሎ ጸቢብን ከፋፋልን መናቑቲ ፖለቲካ ምውጻእን ብደረጃ ዞባን ክፍለ ዞባን ናይ ምትሕብባርን ምምልላእን ባይታ ምፍጣር ከም ዘድልያ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ 80 ዓመታት ምሉእ ግዳይ ዘንቡዕ ፖለሲታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከም ዝኾነ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ናጽነት - ብዝሓለፈ ታሪኽ ጆሆ ከይተታሓዝና፡ ነቲ በደል ንታሪኽ ብምግዳፍ፡ ኣብ 1991 ምስ ኣመሪካ ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ንምእታው ከም እተፈተነ፣ እንተኾነ ግን እቲ ፖለሲታት ከም ዘይተለወጠ ብሰፊሑ ገሊጹ። ድሕሪ ምምራጽ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ 2016 እቲ ናይ ጽምዶ ዳግማይ ከም እተፈተነ፤ እንተኾነ ከይሰጎመ ሰለስተ ዓመታት ናይ'ቲ ምምሕዳርን ኣርባዕተ ዓመታት ናይ'ቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ምምሕዳር ባይደንን ከም ዝሓለፈ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ እቲ ጽምዶ ኣብ'ዚ ካልኣይ እብረ ናይ ፕረዚደንት ትራምፕ ብፍላይ ድማ ካብ 2026 ጀሚሩ ከም ዝሰራሓሉ ብምግንዛብ፡ እዚ ግን ብፍሉይነት ናብ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብገፊሑ ብደረጃ ዞባ ዘሎ ማእዘኑ ዝሰሓተ ፖለሲታት ዋሽንግተን ናብ ምእራም ዘቕንዐ ምዃኑ ገሊጹ።

ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተራእየ ቅጽበታዊ ጥልመት፡ ሰልቦጥን ክሲታትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ማዕከት ባሕሪ ዝዘረብ ዘረባታት ብዝምልከት ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ከም'ዚ ዓይነት ሕሱር ዘመተን ፖለቲካን ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እውን ተራእዩ ከም ዝይፈልጥ ብምግላጽ፡ እቲ ጉዳይ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ዝደረኾ፡ ዝሕንኽ ዕሽላዊ ናይ ህድማ ንቕድሚት ስጉምቲ ምዃኑን ብዙሕ ሚዛን ዝወሃቦ ከም ዘይኮነን ኣብሪሁ። እቲ ጉዳይ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዘሎ ስርዓት ኣጀንዳ ከም ዘይኮነ'ውን ብምጥቃስ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ዞባ ሰላምን ርግኣትን ከም ዘይህሉ ገደርካ ዝ ጉደቦ ናይ ምቁጽጻር ዕላማታት ሐዙም ዝወሳወሱ ዘለው ኣካላት ምዃኑ፣ በዚ ድማ ህዝብታት ዞባና ነቲ ጉዳይ ብዝሰፍሐ ኣጠማምታ ተዓዘብዎ፡ ክገርሕሉን ክቓቕሕሉን ከም ዝግብኦ ኣገንዚቡ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ታሪኹ፡ ተገዲዱ ዝኣተዎ እምበር ከም ምርጫ ዝኣተዎ ኩናት ከም ዘይብሉ ኣዘኻኺሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንዞባዊ ጥምረት ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ኤርትራ፡ ብዞባ ደረጃ ናይ ምትሕብባርን ምምልላእን ጉደቦ ንምፍጣር ክተካይዶ ዝጸንሐት ጻዕርታት፡ በቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጥረ ናይ ጥልመትን ሰልቦጥን ኩነታት ተሰኒፉ ቀሪጹካ ዝገደፍ ከም ዘይኮነ፡ ነቲ ዘሎ ሸርሒታት እናኣለኻ ብዝባ ደረጃ ገፊሕ ናይ ምምልላእ ጥምረት ናይ ምፍጣር ዕላማ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘውዝፍ ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ። ክሰዓብ ሕጂ ዝተኻየደ ጻዕርታት ብሰንኪ ግዳማዊ ሸርሒታትን ናይ ዞባና ወሽጣዊ ድኽመታትን ከም'ቲ ዝድለ ወጽኢት እኳ እንተዘየምጽኡ፡ ኩሉን ኣብ'ዚ ዞባ ዘለዋ ሃገራት የመን፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳንን ካልኦትን ሰላምን ርግኣትን ረኺበን ብዝባ ደረጃ ጥምረት ዝፈጥራሉ ኩነታት ንምምላእ እቲ ጻዕሪ ከም ዘየቋርጽ ገሊጹ። ብድሀታት ይሃሉ'ምበር ንቕሓት ህዝብታት እናበረኸ ይኸይድ ብምህላው፡ ንዚ መተካእታ ዘይብሉ ሕርያ ንምዕዋት እቲ ቃልሲ ብዝሓየለ ዝቐጽል ምዃኑ ኣገንዚቡ።

## ተጋዳላይ ሕሩይ ገብረሚካኤል ተሰዊኡ



ጉዱም ተጋዳላይ ሕሩይ ገብረሚካኤል ቀላቲ፡ ብ16 ሓምለ ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1974 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሕሩይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ካልኦት ኣሃዱታትን ወዲቡ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም መምህርን ዳይረክተርን ቤት-ትምህርቲ መዚ.ቃ ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ሕሩይ፡ ብዘዝበርሮ ፍሉይ ክእለትን ብቕዓትን መዚ.ቃ፡ ኣብ ምምሃር፡ ምድላውን ምእላይን መዚ.ቃ፡ ከምኡ'ውን ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ማሕበር መዚ.ቃ ኤርትራ ብምዃን ኣብ ምምሕዳር መዚ.ቀኛታት ዓቢ ሞያዊ ኣበርክቶ ዝገበረ'ዩ።

ስውእ ሕሩይ ገብረሚካኤል፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 7 ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ18 ሓምለ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብማስዋእቲ ኣባሉ - ጉዱም ተጋዳላይ ሕሩይ ገብረሚካኤል ቀላቲ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ 383 ተመሃሮ ኣመረቐ





ስእሊ. ኣብርሃም በየነ

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ ትማሊ 19 ሓምለ ኣብ ዘቃነየ መበል 18 ስነስርዓት መመረቕታ፡ 44 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 383 ተመሃሮ፡ ብ17 ዓውድታት ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ።

ናይ ዲግሪ ምሩቓት፡ 13 ብሕርሻዊ ብምህንድስና፡ 26 ብኬሚካላዊ ምህንድስና፡ 30 ብሲቪላዊ ምህንድስና፡ 39 ብሶፍትዌርን ምህንድስናን ኮምፕዩተር፡ 27 ብኤለክትሪካውን ኤለክትሮኒካውን ምህንድስና፡ 16 ብምህንድስና ባሕሪ፡ 27 ብሜካኒካዊ ምህንድስና፡ 28 ድማ ብምህንድስና ዕደናዊ ትምህርቶም ዛዚሞም።

ናይ ዲፕሎማ ተመሃሮ ድማ፡ 23 ብቴክኖሎጂ ተሽከርከርቲ፡ 28 ብቴክኖሎጂ መተግበሪታት ኮምፕዩተር፡ 18 ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ስርዓተ መርበብትን፡ 13 ብቴክኖሎጂ ሱ-ህንጻ፡ 23 ብቴክኖሎጂ ኤለክትሪሲቲ፡ 24 ብቴክኖሎጂ ኤለክትሮኒክስ፡ 26 ብቴክኖሎጂ ዕደና፡ 11 ብቐዋሚ ንድፊን ከምኡ'ውን 11 ብቴክኖሎጂ ምብራድን ምጥዑኣየርን'የም ተመሪቖም።

ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ 2004 ንጥፈታቱ ዝጀመረ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብ8 ናይ ዲግሪ 9 ከኣ ናይ ዲፕሎማ መደባት፡ ኣብ ምዕባለ ሃገራዊ ቁጠባ ኣበርክቶ ዝገብሩ ልዑል ብቕዓት ዘውንኑ ምሁራት ኣብ ምፍራይ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ሓቢሩ።

44 ካብ መምህራኑ ወጻእተኛታት 35 ድማ ደቂ ሃገር ምዃኖም ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 18 ኤርትራውያን መምህራን ናይ ማስተርስን ዶክትሬትን ትምህርቶም ኣብ ሩስያ፡ ቻይና፡ ህንዲ፡ ሃንጋሪን ጃፓንን ይከታተሉ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ትምህርቶም ብዓወት ንኽከታተሉ ንዝገበሩሎም ኩሎም ኣካላት ብምምስጋን፡ ብዝቐሰምዎ ፍልጠት ህዝቦም ብዓቕሚ ንምግልጋል ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ፡ ንኣገዳስነትን እዋናውነትን ተመረቕቲ ቀሲሞም ዘለዉ ዓውድታት ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ብምጥቃስ፡ ተግባራዊ ትምህርቲ ብምቕሳም ኣብ ህዝቢ ዝርከብ ጸገማት ንምፍታሕ ብምጕያይ፡ ዝያዳ ጻዕርን ኣተኩሮን ሂቦም ናብ ዝላዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ክተግሁ ተማሕጺኖም።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ውጽኢት ዘመዝገቡ 6 ተመረቕቲ መዳልያታት ተዓዲሎም።

# ማእከል - ኣብ ደገፍ ክረምታዊ ትምህርቲ ክሳተፉ ዝጸንሑ ተመሃሮ ተተባቢዖም





ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ደገፍ ክረምታዊ ትምህርቲ ንተመሃሮ መባእታ ክሳተፉ ዝጸንሑ 140 ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ብ18 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ተተባቢዖም።

እቶም ዝተተባብዑ ተመሃሮ፡ 93 ምስ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ዝወርዱ፡ እቶም 47 ድማ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዮም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣቶም ካብ 2ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ'ሞ ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ቁጽርን እንግሊዝኛን ዝደኸሙ ናይ ምሕጋዝ መደብ፡ ናይ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን መንፈስ ዘሐይልን ዘስርጽን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ወጽኢት ተመሃሮ'ውን ዝምስገን ፍረ ከምዘተረኽበ ገሊጹ።

እቲ ኣብ ክረምቲ 2022 ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ደጎሊ ብ405 ተመሃሮ ዝጀመረ መደብ፡ ኣብ 2023 ናብ ኣርባዕተ ኣብያተ-ትምህርቲን 1,967 ተመሃሮን፡ ኣብ 2024 ናብ 12 ኣብያተ-ትምህርትን 2,215 ተመሃሮን፡ ሎሚ ዓመት ድማ ናብ 101 ኣብያተ-ትምህርትን 23,909 ተመሃሮን ከምዝሰገረ፡ መምህር በላይ ብዝወሃቦ ሓቢሩ።

ኣባል መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾነ ወከልቲ ተመሃሮ ብወገኑ፡ ኣብ ሳዋ ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ሓገዝን ምኽትታልን ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምዘይተፈለዮም ብምሕባር፡ ኣቐዲሞም ንዝጀመርዎ መደብ፡ ምስ ናይ ኮሌጅ ትምህርቶም እናሳነዩ ኣብ እዋን ክረምቲ ከምዝቕጽልዎ ቃል ኣትዩ።

እቲ መደብ ብመሰረት ብ20 ሰነ 2022 ናብ ኮም ወረደካ ኣገልግሎት ንምሃብ ብዘሓለፈ ለበዋ ከምዝጀመረ ዝጠቐሰ ሓለቓ ጠቕላላ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ካብ'ቶም ጀመርቲ 47 ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ 25 ምሉእ 4 ነጥቢ፡ ሓሙሽተ 3.8፡ ዝተረፉ ድማ ካብ 3 ክሳብ 3.6 ነጥቢ ከምዘመዝገቡ ብምግላጽ፡ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ንምዕዋት ናይ'ዚ መደብ ብውህደት ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ሎሚዘበን ናብ ሳዋ ዝወርዱ 93 ተመሃሮ ገንዘባዊ፡ ነቶም ናይ ዲግሪ ነጥቢ ዘመዝገቡ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድማ ገንዘባን መዳልያን ሽልማት ተዓዲሎም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጾ. 1284


# ባጽዕ - ብቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ተመረቑም

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ብቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዘሰልጠኖም 42 ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ብ16 ሓምለ ተመሪቖም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር ሰዒድ ሳልሕ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ከም ፈተነ ኣብ ወርሒ ሰነ 2023 ዝተጀመረ መደብ፡ ኣገዳስነቱ ተረጋጊጹ ይቕጽል ከምዘሎ ብምሕባር፡ ቀጻሪ ስልጠናቲ እናዓበየ ከምዝመጽእ ገሊጹ።

እዚ ብወሱን ዓቕሚ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ዝፈለመ መደብ፡ እናሰፍሐን እናተመሓየሸን ይመጽእ ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ንኽስፋሕ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ረዘነ ፍስሃ ኣብ ዘሎ መዛዘሚ ቃል፡ ምስ ምብራኽ ንቕሓትን ተገዳስነትን ኣብ መዳይ ትምህርቲ፡ ብዘሒን ተበጻሕነትን ትካላት ትምህርትን ተመሃሮን ከምዝወሰኸ ብምግላጽ፡ ምስ ግዜ ዝሰነ ብቴክኖሎጂ ዝተሰነየ ትምህርቲ ምትእትታው ግድነት እናኾነ ብምምጽኡ፡ ናብ ኩሉ ከባቢታት ንምብጻሑ ይስራሕ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣቕሪቦም።

# መዘናጋዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዝተጻሕፉን ዘይተጻሕፉን መደባት

ዕላማታትካ ብጽሑፍ ብምስፋር ቀጻሊ ናብቲ ትደልዮ ማእዝን ከም ዝሕብሩኻ ምግባር ተመራጺ እዩ። ዕላማታትካ ከም ዝርአ ገይርካ እንተ ዘይኣቐሪብካዮ ኣቃሊልካ ብምርኣይ ካብ ምትግባርም ክትብኩርን ኣጉዳሲ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክትዝሕትልን ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ'ዩ። ሽቶታት፡ መወዳእታ ወጽኢት ጻማ ረሃጽካ'የም። እቲ ሕቶ ግን እዚ ኣይኮነ፡ ናበይ ከም እትገዓዝ ኣቐዲምካ እንተ ዘይፈሊጥካ፡ ናበይ ከም ዝበጻሕካ ክትፈልጥ ኣጸጋሚ እዩ? ዕላማታትካ ብጽሑፍ ምስ ተቐምጦ ግዱ መዓስ ጀሚርካ? ዓላማኻ ንምጭባጥ ክንደይ ግዜ ወሲዱልካ? ብኸመይ ኣገባብ በጺሕካዮ? ከመልክቱልካ ይኽእሉ። ዘይተጻሕፈ ዕላማ ድሌት ኩይኑ እዩ ዝተርፍ። ዘይተጻሕፈ መደብ ክትግበር ዝውሓደ ዕድል እዩ ዘለዎ። ዕላማታትካ ኣብ ትጽሕፈሉ እዋን ክትክተሎም ዘለካ ሓፈሻዊ ሕግታት ኣለዉ።




- ጠለብት ጉጅለ ርእሰኻ ምቕማጥን ንብሸኻ ምንጋርን፦ ጠለብት እንተዘይ ሒዝካ ንዕኦም ንምጭባጥ ኣብ እትወስዶ ስጉምቲ ኣይክትደፋፋእን ኢኻ።
- ተግባራዊ ምዃን፦ እልቢ ዘይብሉ ዕላማታት ኣይትስራዕ። እቲ ምንታይ ራዕዲ ፈጢሩ ናብ መወዳእታ ከየብጻሕካ ኣብ መንገዲ ከም እተቋርጽ ክገብረካ ስለ ዝኽእል ፊንቶትን ውሑዳትን ምስ ዝኾኑ'ውን ንኽትተግብሮም ዘይክደፋፍኡኻ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ምጡናት ዕላማታት ምስራዕን ተግባራዊ ምዃንን ወሰንቲ እዮም።
- ናይ መደምደምታ ወጽኢትካ ምልላይ፦ ዕላማታትካ ኣብ ትዕውተሉ ክትዋገረሉ ይግባእ። ኑቲ ዝተገናጸፍካዮ ዕላማ ንምልላዩ መታን ክጥዕም፡ እቲ ዕላማ ሓደ ንጹር ዝኸውን መዐቀኒ ወጽኢት ክትሰርዓሉ ኣለካ። መወዳእታ ዘይብሉ ወጽኢት ምስ ዝኸውን ግን ዓላማኻ በጺሕካዮን ኣይበጻሕካዮን ክትፈልጥ ዝከኣል'ውን ኣይኮነ።
- ሰሌዳ ግዜ ምውጻእ፦ ዕላማኻ ንዊሕ ዝጸንሐ ምስ ዝኸውን ሰሌዳ ግዜ ምውጻእ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መንጎ ንዝጋጠሙ ንኣሽቱ ስጉምቲታት ንምግዛእ እቲ ዝበለጸ እዩ። ንኣብነት እቲ ዕላማ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመት ክፍጸም ትደልዮ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ካልኣይ ዓመት... ንምዝዛም ነገራት ምውሳን። እዚ ኣብ ትገብረሉ ግዜ እቲ ዕላማ ተጨባጢ፡ እቲ ገደብ ግዜ ድማ ክዉንነታዊ ምዃኑ ጉሊሑ ክርኣየካ'ዩ።
- ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ንዕላማታትካ ዳግመ ግምት ምግባር፦ ዘይልወጥ ዕላማ ውሑድ'ዩ። እዚ ማለት እቲ ዕላማታት ኩሉ ሳዕ ከምቲ ትሕስቦ ኮይኑ ክርከብ ኣሸጋሪ ስለ ዝኾነ'ዩ። ተኣፋፊ ኩይኑ ክትቀጻጸሮ ኣብ ዘይትኽእለሉ ግዜ ምስ ዝበጽሕ ገምጋማዊ ወጽኢት ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ኑቲ ተመዝጊቡ ወጽኢት ድማ ገምጋም ምኽያድ። ካልእ መዓልቲ ኣብ ህይወትካ ዝበለጸ ስራሕ ንኽትሰርሕ ከመይ ረኺብካዮ? ልዕለኡ ክሰርሕ ዓቕሚ ነይሩኒ ድዩ? እንታይ እዩ እቲ ዝመጸእ? ብስነ መጎታዊ ዓይኒ ክጥምቶ እንከለኹ፡ እዚ ሽቶ'ዚ ናብ ካልኦት ዝምስርቶም ዕላማታት ክመርሓኒ ይኽእል ድዩ? ምንጻር ከድሊ እዩ።

## ባህርያት ዘይእሙናት መጻምድቲ

ተኣማንነት ማለት ኣብ ኪዳንን ፍቕርን ምጽናዕ፡ መብጽዓኻ ምሕላውን ኩሉ ግዜ ክትገብሮ ዝኾነካ ምፍጻምን እዩ። እምነቲ ሰበይቲ፡ ካልእ ሰብኣይ ካብ ብዓል ቤታ ንላዕሊ ዝኣብተመን ዝመልከዐን'ውን እንተኾነ፡ ኣይትምዕዶን ኢያ። እሙን ሰብኣይ'ውን ከምኡ፡ የማንጸጋም ቀልባዕባዕ ኣየብዝሕን እዩ። ኮታ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ኑሓድሕዶም ምትእምማን ክህሉ እንተኾይኑ፡ ካብ ሓድሕዶም ዝሓብኡዎ ምስጢራት ክህሉ የብሉን። ንመጻምድኻ እሙን ምዃን ዕዉት ሓዳር ኣብ ምምስራት ወሳኒ ተራ'ዩ ዘለዎ። ወዲ ሰብ፡ ብባህሪ ሓያሲ ነገራት ዝፈቱ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ጾታዊ ዝምድናኡ ግን ምስ ሓደ መጻምድቲ ክጸንዕ'ዩ ዘሎም። ካብዚ ወጻኢ ምስ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዝዛኑ ዘይእሙናት ሰባት ግና ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ሓዳርም ንፋስ የእትዉ፡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ስርሖምን ጥዕናኦምን እውን ጉድኣት ይስዕቡ። ዘይእሙናት መጻምድቲ ኣብ ባህርያቶምን ዕለታዊ ንጥፈታቶምን ምልክታት የርእዩ እዮም። እንተኾነ እዚ ምልክታት'ዚ ንምዕዛብ ጥቡቕ ምክትታል የድሊ። ባህርያት ዘይእሙናት መጻምድቲ ዝም ዝስዕቡ



ዝርዝራት ዝሓቖፈ'ዩ።


- ኣብ ደጋዊ ትርኢቶም ዘይነበረ ለውጥታት ይገብሩ። ንነውሕ ዝበለ እዋናት ብሩሽን ይጉዓዙ። ንኻልኦት ንምምሳጥ ብምግባል ቅርጺ ሰብነቶም ከመሓይሹ ይጽዕሩ።
- ካብ ገዛ ክወጹ ምድራፍን ፋዳን ንገዛ ክኣትዉ ድማ ጸዋጋትን ዓሶትን ይኾኑ።
- መግቢ ናይ ገዛኦም ይሕሰሙ ወይ ንእሹቶ ጥዒሞም ካብ መኣዲ ይትንስኡ።
- ንመጻምዶም ምስ ጎረባብትን ኣብ ማዕኮት ተለቪዥናት ምስ ዝረኣዩወንን ኣዋልድ ብምውድዳር፡ ንትርኢታተንን ስራሐንን የነኣእሱ።
- ደኺመ ኣለኹ ኢሎም ሕቖኦም ሂቦም ይድቕሱ።
- ኣምስዮም ይኣትዉን ሃንደበታዊ መገሻታት የብዝሑን።
- ንባህርያቶም ዘቅፍ ርእይቶ ምስ ዝመጽኦም ይቐጥዑን ብከድሪ ይምልሱን።
- ሞባይሎም ብጽኑዕ ፓስዎርድ ይዓጽዉ፡ ብዓልቲ ቤቶም ከይትሕዞ ይጥንቀቑ። ሃንደበት ተሌፎን እንተ ተደዊልዎም ድማ ንጉዳም ገጾም ይወጽኡን ከይተሓተቱ ምኽንያት የቕርቡን።
- ስም መጻምዶም ምስ ካልኦት ይሓዋወሱ።
- ምስ መጻምዶም እናኸዱ ንዘረኽብዎ ሰብ ኣብ ክንዲ ብግቡእ ዘላልዩ ናታቶም ኣሶማት ጥራይ ነገርም ናይ መጻምዶም ስም ብሸለልትነት ይሓልፍዎ።
- ደቂ ኣንስትዮ ዝጥቀማሉ መጋጸጺን ጨናን ኣብ ኣካሎም የጽንሑ።

## ንልቦና

- ውልቃውነት ኣብ ዝሰዕረረሉ ግዜ ንሸኻ ደጋፊ ሰብ ክትከውን ይግበኣካ፡ ምኽንያቱ ንሸኻ ካብ ሰብ ፍሉይ ስለ ዝኾንካ።
- ኣብዝ ሓለፊት ዓለም እምነት ንዘለዎ ዋጋ እምነቱ ዝኾነ እምነት ካብ ምልጋስ ዝዓቢ ጽድቂ የለን።
- ምእንቲ ውላድካ ሕድገት ምግባር ዘይርኣ ወፍሪ እዩ። ምኽንያቱ ጸባሕ ኣብ ደቅኻ መኽሰብ ስለ ትረኽበሉ።
- ሓደ ሰብ ንሓዳርካ ዝምልከት ወረ እንተ ኣምጺኡልካ፡ ቅድሚ ንኣእዛንካ ንኣዒንትኻ እመን። እቲ ምንታይሲ ሎሚ ሎሚ፡ ብዓይናም ርእዮም ካብ ዝፋትትሑ ወረ ሰሚዖም ዝፋትትሑ ሰባት እናበዝሑ ይኸዱ ስለ ዘለዉ።
- ብሸነኪ ጭንቀት ግዳይ ናይ ዝተፈላለየ ወልፍታት ሓደጋታትን ንዘኾነ ሰብ ኣይትላገጽ፡ ኣይትዋረዶ እውን። እንተ ክኢልካ ሓግዞ፡ ኣይኮነን ግን ጸባሕ ድሕሪ ሕልፈቱ ንይምስል ሸበድበድ እንተበልካ ፋይዳ የብሉን።
- ናብ ውድቀት ዘምርሕ ዘሎ ሕብረተሰብ ወረን ተግባለን ኣብ ዝበዝሖ መድረኽ ይዓስል። ዝምዕበል ዘሎ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ መድረኽ ምንዳይ ፍልጠትን ክእለትን እዩ ዝኸይድ።


## ኤሚሊ ዞላ

ኣብ ስነ ጽሑፍ፡ ሓሳቡ ብስነ ፍልጠታዊ ስነ ሓሳብ ወይ ኣገባብ ተኸቲሉ ዝጽሕፍን ኣብ ሓይሊ ዝበል ምጉት ነበሮ። ቅድሚ 1880 ክኢላታት ስነ ኣእምሮ፡ ንስነ ጽሑፍ ዞላ ብኽብሪ ይርእይዎም ነይሮም።



ተፈጥሮ ዝኣምንን ሰብ ባህርያዊ ተባሂሉ ይፍለጥ። ባህርያውነት ኣብ ቅዲ ዛንታ ንፈለማ ግዜ ዝተጠቐመሉ ፈረንሳዊ ደራሲ ኤሚሊ ዞላ እዩ። ዞላ፡ ሓጺር ዛንታ ዝጸሓፉ ሰባት ንፍርያቶም ከም ስነ ፍልጠት ክከናኸንዎም ኣለዎም ካብኡ ንንጸው ዛንታታት ዞላ ኣብ ምንቅስቓስ ባህርያውነት ኣገዳሲ እናኾኑ ከዱ። ኣብ ስነ ጽሑፍ ባህርያውነት ዝበል ኣምር ጸላዊ ዝኾነ ካብ 1890 ኣትሒዙ'ዩ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ደረስቲ ስቲፈን ክራን፡ ሃምሊን ጋርላንድ፡ ፍራንክ ኖሪስ ዝኣመሰሉ ዝሰዓቡ ሰባት ... (ኣቐዲሞም) ንባህርያውነት ዝተለማመዱ'የም። ድሕሪዞ፡ መብዛሕትኦም ነቐፍቲ (ሃያስቲ ስነ ጽሑፍ) ኣብ ስነ-ሓሳብ ባህርያውነት ተመርኲሶም ክጽሕፉ ጀመሩ።

እዚ ስነ-ሓሳብ ኣብ ግዳማዊ ትርኢት ዓለም ዝኣምን ኮይኑ፡ ንተኣምራታዊ ሓይሊ ድማ ይነጽግ። ስነ ሓሳብ ባህርያውነት፡ ካብ 1800 ክሳብ1900 ኣብ ዝነበረ እዋን ኣብ ድራማታትን ሓጸርቲ ዛንታታትን ክርአ ከም ዝጀመረ ታሪኽ የዘንቱ። ባህርያውነት፡ ኣብ ጭብጥታት ዝተመርኮሰ፡ ካብ ስምዒታትን ሕልምታትን ኣረኣእያ ነጻ ዝኾኑ ሕድገት ዘየፍቅዱ ጽንዓት ስነ ሓሳብ ዘለዎ'የም። ንሳቶም 'ፍልጠት ካብ ምስትውዓል እተጥርዮ ስለ ዝኾኑ፡ ዝኾነ ጸሓፋይ ጸብጻብ ከቕርብ እንከሎ ናይ ዝረኣዮ ሓቂ ጥራይ ክጽሕፍ ኣለዎ ይብሉ። ብዘወሳኺ ካብ ስምዒት ሓራ ኩይኑ ርትዓዊ ክኸውን ይደግፉ። ባህሪያውያን ሰባት፡ ሓደ ሰብ ዝገብሮ ነገራት ካብ ስድራቤቱ ዝወረሶን ካብኡ ዝጸለምን ወይ ከልቲኡ'ዩ ዝበል ርድኢት ኣለዎም። ኣብ ስነ ጽሑፍ፡ ባህሪ ከም መሰረታዊ ባህሪ ገይርካ ይግለጽ። ዝጥቀመሉ ቋንቋ ልዙብ ዘይኮነ ተረር፡ ሓሳቦም ተሰኒዑ ዝነደሎ ወሸጣዊ ስምዒቶም ጸቕጢ ዝተሓወሶ እዩ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ፋብሪካ መድሃኒት ኣብ ሰውራ

ሻብዓይ ክፋል

ኮሎታት ምዝላቕ 1979 ንኹሉ ክፍልታት ህ.ግ. ብፍላይ ከኣ ንኽፍሊ ሕክምና ብኸቢድ ስለ ዝጸለዎ፡ ኣሃዱ ፋርማሲ ፈለማ ካብ ኣርጠቢ ናብ ዘሮ (ከባቢ ቤት ትምህርቲ ሰውራ)፡ ቀጺሉ ናብ ካልእ ዝተፈላለዩ ቦታታት ክግዕዝ ተገዲዱ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ናብ ህምቦል ምስ ገዓዘውን ኣብ 1982 ሻድሻይ ወራር ኣርከቦ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ መድሃኒት ኣብ ሜዳ ናይ ምፍራይ መደብ ተደናገየ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣገልግሎት ኣሃዱ ፋርማሲ እናዓበየን እናሰፍሐን ስለ ዝኸደ፡ ምስቲ ዝሀቦ ኣገልግሎት ዝመጣጠን ዓቕሚ-ሰብ ክህሉዎ ኣገዳሲ ኰይኑ ተረኽበ። በዚ ድማ፡ ካብ ዓሰራይ ክፍሊ ክሳብ ደረጃ ዩኒቨርሲቲ ዝበጽሑ ተጋደልቲ፡ ብሞያ ፋርማሲ ቴክንሻን ስልጠናም ኣብ ምክፋል መድሃኒት እናሰርሑ ክጸንሑ'ሞ፡ እቲ ፋብሪካ ምስ ተተኸለ ናብኡ ክግዕዙ ተባሂሉ ስልጠና ተዋህቦም። ምስዮና፡ ተልእኾኡ ፈጺሙ ካብ ሱዳን ናብ ሜዳ ተመሊሱ ስለ ኩይኑ ምስ ረኸቡ፡ ምስቲ ዝነበሮ ሃረርታ ዝዓረግ ሓገስ ኣይተሰመዖን። ምስ ሕልናኡ፡ "እምበርዶ እዚስ ኢንፍዩዥን ክስርሕ ኢሉም'የም ሰዲዶሞ።" በለ። ኣብ ትካላት መፍረ-መድሃኒት ዓለም ፈጺሙ ዘዩለን እዋኑ ዝሕለፈን ናውቲ ምዃኑ ሻቡ ኣስተውዓለሉ። ደሓር ግን፡ ካብ ባዶ ዝይሓይሽ ከም ዘዩለ ዘኪሩ፡ በቲ ዝተሓተ መጠንን ኣገባብን ኢንፍዩዥን ንኸፍርዩ ክሕግዞም ተሰፋ ገይሩ ተደሃሰ።

ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ነዊሕ ሕልኽልኻትን፡ መስርሒ ኢንፍዩዥን ናብ ሜዳ ኣተወ። ቀጺሉ ዝመጽእ ብደሆ፡ "እቲ መስርሒ ኣብ ምንታይ ይተኽል?" ዝብል ነበረ። ምስዮና፡ ብኽልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ከም ዝፈለጦን ኣብ ሱዳን ብኣካል ከም ዝተዓዘቦ፡ ሓደ ናይ ኢንፍዩዥን ማሽን ዝትከለሉ ገዛ ምድሪቤቱ ዝሕጸብ፡ ንዝኸኑ ወሸጣውን ግዳማውን ብኮላ ዕድል ዘይህብ ክኸውን ነበሮ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ናብቲ ገዛ ዝኣቱ ኣየር'ውን ከይተረፈ ዝመኸለ ክኸውን'ዩ ዝግባእ። ጨንፈር ህንጻ ህ.ግ. ኣዝዩ ዘደንቕ ናይ ትሕቲ-መሬት ኣብያትን ጸርግያታትን ብምስራሕ ልዑል



ዝበረ፡ ንወሸጣዊ ኣካላት ፋብሪካ መድሃኒት ዝምልከት ዝርዝራዊ ትምህርቲ ኣብቲ ስልጠና ኣቕረበ። እቲ ትምህርቲ፡ ንቕድመ-ምድላው ናይቲ ምስ ግዜ ዝትከል ፋብሪካ ኣዝዩ ሓጋዚ ነበረ።

ኣሃዱ ፋርማሲ፡ ብዓቕሚ-ሰቡን ኣገልግሎቱን ብዘዝምታ እናሰፍሐ'ኳ እንተ ኸደ፡ ጉዳይ መፍረ-መድሃኒት ብሓፈሻ፡ መፍረ-ኢንፍዩዥን ብፍላይ፡ ንየም ኑቲ ሓሳብ ዘንቀዱ ክኢላታት ፋርማሲ ዘቐስን ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ናይ 1982 ግን፡ ንሕልምምን ሃንቀውታኦምን ዝሃድድ ዓቢ ብስራት ተኣገሮም። ንሱ ድማ፡ ኣብ ክልተ ኮንተይነር ዝተዓሸገ ናውቲ መፍረ-ኢንፍዩዥንን ኢንፍዩዥን ንምስራሕ ዘድሊ ጥረ-ነገራት (ቀማሚት)ን፡ ካብ በልጅየም ተላኢኹ ብመንገዲ ፖርት ሱዳን ናብ ዓረርብ ከም ዝኣተወ ዘበሰር ነበረ። ምስዮና ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሓይልታት ስለ ዝነበረ፡ ካብኡ ተሳሒቡ ናብ ዓረርብ ምስ ኣተወ፡ ነቲ ኮንተይነራት ተረኪቡዎ። ብምሕር ሃረርታዊ ተርባጽ ምስ ከፈቶ፡ ሓንቲ ኣዝያ ኣረጊት ጀነረይተር እትርከቦ መሳርሒታት ተዓዘቦ፡ ምስቲ ኣብ ካርቱም ዝሰርሓሉን ትምህርቲ ዝወሰደሉን ማሽናት ፋብሪካ መፍረ-መድሃኒት ኣነጻጸረ። ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ዘለዎ፡ ኮታስ ብዓቕን ይኹን ብዓይነት ካብቲ ናይ ሱዳን ምሕር ዝተሓተ ተመክሮ ኣጥርዩ'ኳ እንተ ነበረ፡ ከምዚ ዓይነት ፍሉይ ህንጻ ንምህናጽ ግን፡ እቲ ሞያ ዘይብሎ፡ ኣብቲ ጭኑው ዝበለ በረኻ ንዕኡ ዘድሊ ጥረ-ነገራት ረኺቡ በቲ ደረጃኡ ዝጠልቦ ኣገባብ ክሃንጾ ይኽእል ኣይነበረን። ብመንደቕ ከምኡ ዝበለ ህንጻ ክሃንጽ ከም ዘይከኣል ምስ ተረጋገጸ ከኣ፡ ካልእ ኣማራጺ ክናደ ግድን ኮነ።

ፈለማ ዝመጽአ ሓሳብ፡ እተን ነቲ መስርሒን ጥረ-ነገራትን ሒዘን ዝመጽአ ኮንተይነራት፡ ከም መትከሊ ህንጻ ናይቲ መስርሒ ኮይነን ከገልግላ ዝብል ነበረ። እንተኾነ፡ ብቑሊሉ ክፀርት ካብ ዝኽእል ተራ ሓጺን ዝተሰርሓ ብምዃነን እቲ ልዑል ጥንቃቐን ጽሬትን ዝሓትት ናይ መድሃኒት መስርሒ ክትከለለን ኣይተመርጻን። ስዒቡ፡ ኣዝዩ ለማጽን ዘይምርትን ፍሉይ ኮንተይነራት ተጠቒምካ፡ ምስራሕ ዝብል ሓሳብ መጽአ። እዘን ኮንተይነራት፡ ኑቲ ስሩፍልጠት ዝሓትቶ ረቛሒታት ከማልኣ ዝኽእላ ካብ ኮና፡ እቲ ዝደለ ዘሎ፡ ህንጻ ብእአን ክቐውም ከም ዝከኣል ኣብ መደምደምታ ተበጽሐ። ብዓል ምስዮና ብዙሓብዎም ቴክኒካዊ ሓበሬታ ከኣ፡ ካብ ጨንፈር ህንጻ ብዓል መሃንድስ ገርጃ ተሰሩሚኤልን ኣብርሃ ኣስፍሃን ንድፌ ናይቲ ኮንተይነራት ኣጦጣጠምኣ ክሰርሕ ዝተደለየ ህንጻ ስኢሎም ኣቕረቡ። ብመሰረት'ቲ ንድፊ፡ ኑቲ ህንጻ ንምስራሕ ሓሙሽተ ኮንተይነራት የድሊ። እዚ ዝበሃል ዘሎ ዓይነት ኮንተይነራት ግን ካበይ ይምጻእ፡ ካልእ ኣዋጣሪ ሕቶ ኩኑ።

ምስዮና ኣብ ሱዳን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ምስ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ. ጥቡቕ ርክብ ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ወደብ ፖርት ሱዳን ዝነበረ ንብረት ናይቲ ውድብ ኣዳቒቑ ይፈልጥ ነበረ። ኣብኡ ካብ ፋይበር ግላስ ዝተሰርሐ ብረት ሐዘ ዝመጽአ ሓያሎ ኮንተይነራት ጥርሑ ስለ ዝነበረ ኑቲ ብኽፍሊ ህንጻ ዝተሓተ ንድፌ ሐዘ ናብ ሱዳን ኣምርሐ። ካብ ፖርት ሱዳን ናብ መሬፊት ሓሙሽተ ኮንተይነራት ብምስዳድ ከኣ፡ ብኽፆሚቲ ዝድለ ንድፌ ንኽሰንዓ (ኣብቲ ግዜ ዝዓበየ ናይ ውድብ ጋራጅ፡ ኢደ-ስራሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ካልኦት ትካላትን ዝነበሮ ቦታ) ንዝምልከቶም ሞያውያን ኣረከቦም። ኣብ ውሽጢ 20 መዓልታት ሰራሖም ከጻፍፍዎ ካብ ላዕለዋይ ኣካል መምርሒ ከም ዝተዋህበ ድማ ሓበሮም። እተን ኮንተይነራት፡ ኣብ ውሽጢ ሓደት መዓልታት ክሰንዓ ዝተደልየሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ቅድሚኡ ካብ በልጅየም ምስ ራብዓይ ርእሱ ናብ ሜዳ መጺኡ ምስ ሓለፍቲ ክፍሊ ሕክምና ተራኺቡ ዝተመልሰ ዶክተር ማርኮ ዱጀርዲ ዳማግይ ናብ ሜዳ ክመጽእ'ዩ ስለ ዝተባህለ፡ ቅድሚ ምምጽኡ ናብ ሜዳ ኣትየን ተዋዲደን ክጸንሓኦ'ሞ፡ ኑቲ ናይ ምፍራይ መስርሒ ክርእየም ስለ ዝተደለየ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ኩሎም ዝምልከቶም ኣባላት ብፍላይ ድማ፡ ኣባላት ክፍሊ ስርሓት ዕንጸይቲ፡ ለይትን ቀትርን ከይበሉ 24 ሰዓት ብዘይ ዕረፍቲ እናሰርሑ ኣብቲ ዝተዋህሎም መዓልቲ ኣጻፊፎም ወድኣወን።

ምስዮና ነተን ብዝበሉኦቶ ተጋዳላይ ዝተሰራ ኮንተይነራት ብኤንትረ መኪይን ጸዒኑ ንዓረርብ ኣምጽኣን። ኣብ ሆስፒታል እሮታ፡ ንኣሃዱ ፋርማሲ ተባሂሉ ኣቐዲሙ ዝተሓዝአ ቦታ ስለ ዝነበረ፡ እዘን ኮንተይነራት ኣብኡ ክራገፋ ተደልየ። ኣብቲ ከባቢ ከም ሰፍሓፊት ማሽን (ፎርክሊፍት) ዝኣመሰለ መሳርሒ ኣብ ቀረባ ብዘይ ምንባሩ፡ ዝበን ብመልክዕ ገዛ ዝተሰንዓ ኮንተይነራት፡ ብዘይ ጉድኣትን ሃሰያን ካብተን መኪይን ምውራድ ካልእ ኑቡሱ ዝኸኣለ ፈተነ ኩኑ። ሰፍሓፊት ካብ እንዳ መጉዓዝያ'ኳ እንተ መጽኣት፡ ብዘይ ጉልበት ሰብ ዝዕመም ግን ኣይነበረን። እቲ እንኮ ምርጫ፡ ኣብቲ ቦታ ብዝነበሩ ውሑዳት ተጋደልቲ ተጣቢብካ ንምፍታን ነበረ። ድሕሪ ናይ ምሉእ ትንፋስ ዘይህብ ሓይልን ኣደካምን ጻዕሪ ከም'ኡ'ውን ጉልበታዊ ሓገዝ ሓካይምን ካልኦት ሞያውያንን ከኣ ተራጊፈን ሓደራ።

ኮንተይነራት ኣብ ቦታኣን ኮፍ ምስ በላ፡ ክፍሊ ህንጻ ንዕኣን ዝኸውን መሰረት ከዳላድሉ ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ተጸምዱ። ክኢላታት ኢደ-ስራሓት ድማ፡ እተን ኮንተይነራት ምእንቲ ንጽዕኦት ክጥዕማ ፋሕፋሕ ኢለን ስለ ዝመጽኣ፡ ብመሰረት'ቲ ንምጥጣመን ዝሕብር ካብ መሬፊት ዝተላእከሎም ንድፊ፡ ክለጋግበወን ጀመሩ። ኣብቲ ናይ ምጥጣም ስራሕ፡ ዋላ'ቶም ከም ብዓል ሰናይ፡ ምስዮናን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሰብ ሞያ ፋርማሲ፡ ከም ተሓጋገዝትን ተለኣኣኽትን ናይ ሉሓምትን ኑዳቕን ኮይኖም ኣብቲ ወፈራዊ ዕዮ ስለ ዝተዋስኡ፡ እተን ኮንተይነራት ከምቲ ዝድለ ደሊዋት ኮና።

መወከሲ፡ መጽሔፍ ደጀን

ይቕጽል...

## ታሪኻዊ ንጥፈታት ትምህርቲ ኣብ ማርያ ጸላም



ናብ ግንባር ሓልሓልን ታሪኻዊ ቦታታት ኣስማጥ ዑደት እናገበሩ

ካልኣይ ክፋል

ብቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመዲቦም ካብ ዝመጽኡ መማህራን መጀመርያ መማህር ኣብረሃት ጉብረ ምስ ካልኣያ መማህር ኢያሱ፡ ኣብ ጃኒ እየም ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን'ቲ ጃኒ ዕመር ጫካ ስለ ዝነበረ ንመምሃሪ ዝተዳለወ ክፍሊ ብዘይምንባሩ እቲ መስርሕ ምምሃር ዝሓሸ ጽላል ዘለዎ ገረብ መረጺካ እዩ ዝትግበር ኔይሩ። መማህራን ካብታ ዝመጽኡላ ዕለት ንጸባሒቱ ብቐጥታ ስርሖም ክጅምሩ እንከለዉ ዝጸንሖም ጠቕላላ ቁጽሪ ተመሃሮ 25 ኩይኑ፡ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ እየም ነይሮም። ኣብ ዓድታት ብዝተገብረ ጉስጓስን ግብራዊ ወጽኢት ትምህርቲ ብምርኣይን፡ ኣብ ሓጺር እዋን እቲ ቑጽሪ ብዕጽፍታት ወሲኹ ክፍልታት ደረጃ ትምህርቲ'ውን ስለ ዝዓበየ ብዶሳት ቤት ትምህርቲ ተሃኒጹ ኣብ ዓመተ 1981 ስሩዕ ትምህርቲ ቀጺሉ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ፡ ኣብ ጃኒ ንመጀመርያ እዋን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተጸንበራ ትምህርቲ ዝጀመረት ጓል ኣንስተይቲ ተመሃሪት 'ሓሊማ መሓመድ' እትብሃል እያ። ንዓኣ ተኸቲለን ካልኦት'ውን እናተተባብዓን እናተጸንበራን ስለ ዝኸዳ እቲ ቑጽሪ ጾታ ብዓገረ ተሳታፍነት እዩ ቀጺሉ።

በቲ ዝግበር ዝነበረ ናይ ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ጉስጓስን ምንቅቓሕን፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ናይ ብሩህ መጻኢ ራእይን ዕላማን ስለ ዝኣመነ እዩ ደቁ እናተሸገሩ ጸኒዖም ክመሃሩ ኣዕጢቑ ኣውፊሩን ኣተባቢዑን። እቲ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላት ካብቲ ኣባላት ሓይልታት ዝርከብሉ ቦታታት ኣብ ዝተፈናተተ ራሕቂ ብምድኳኑ፡ ሰግኣታት ናይ ተጻባኢቲ ወገናት ዘዮቕስን ስለ ዝነበረ ነፍሲ ወከፍ መማህር ንነፍሱን ተመሃሮኡን ክሕሉ ብረቱ (ክላሽን) ተሓንጊጡ እዩ ዝምህር ዝነበረ።

ኣብቲ ምጅማር ካብ ዝነበሩ ዓበይቲ ብደሆታት ሓደ፡ ህዝቢ ብቛንቋ ኣደ (ትግረ) ምምሃር ዘይምቕባሉ እዩ። ሓደ ህዝቢ ብቛንቋ ኣደኡ ክመሃር ስሩፍልጠታውን ኣድማዕን ፍቱን ኣገባብ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ሰብኣዊ መሰል'ውን እዩ። እቲ ህዝቢ ካብ ዘይምርዳእ ዝበገሰን ናይ ገለ ተጻባኢቲ ሸርሕታትን ተሓዊሱዎ፡ "ቛንቋ ትግረ ካብ ማርያ ሓሊፉ ኣበይ ከበጽሕ ይኽእል? ትምህርቲ ከምቲ ናይ ቁርኣን ብዓረብ ወይ ካልእ ቛንቋ ዘይከውን..." ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ ነይሩ።

ሓላፊት ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ዝነበረት መማህር ጺጋ ጋይም (ጓል ሻምበል) ደጋጊማ ከም ዝገለጸቶ፡ ኣብቲ ከባቢ ኽጋስ ትምህርቲ ይኹን ንጥፈታት ምውዳብ ዕዉት ንክኸውን ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝነበሩ ረቛሒታት ብቐዳምነት ዝጥቀስ ናይ'ቲ ዞባ ግንባርን ሓላፊ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝነበረ ምክትርን ከኢላን ጉዱም ተጋዳላይ ዓብደላ ሙሳ እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ጥበባዊ ምቕሉልን ብሱልን ኣእማኒ ኣቀራርባኡ፡ ተወላዲ'ቲ ከባቢ ብምንባሩ በቲ ሕብረተሰብ ልዑል ተቐባልነትን ክብርን ዝወሃቦ ስለ ዝነበረ ተልእኾ ውድብ ብዐቕዓትን ኣድማዕነትን የተግብር ነይሩ። ጉዳይ ኣገዳስነት ብቛንቋ ኣደ ምምሃር ብመማህራንን ኣባላት ጀማሂርን ብዝተገብረ ወሃድን ጸዑቕን ጉስጓስ እቲ ህዝቢ ንረብሓኡ ምዃኑ ክቕበሎን ክኣምነሉን ክኢሉ። ብዓገረ ኸኣ፡ ዘዘተማህሩ ደቆም ብቛንቋ ኣደኦም ክጽሕፉን ከንብቡን ስለ ዝረኣዩ ብልጫታቱ ኣሚኖምሉ።

ካልእ በዓቢ ዝነበረ ጉዳይ፡ ስሩምምህርናዊ መዳይ ሞያውነት መማህራን እዩ። ብቛንቋ ኣደ ምምሃር ፖሊሲ ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ መን የተግብሮ፧ ዝብል ሕቶ ግን ዓቢ ግድል እዩ ኮይኑ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብቛንቋ ትግረ ክምህሩ ዝኽእሉ መማህራን ኣይተረኽቡን። እቶም ብቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመዲቦም ኣብቲ ከባቢ ክምህሩ ዝተላእኩ መማህራን'ውን ክልተ ዓይነት እየም ነይሮም። ገሊኦም ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎምን ቛንቋ ትግረ ዘይክእሉን፣ ገሊኦም ከኣ ኣዝዩ ትሑት ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎምን ቛንቋ ትግረ ዝመልኩን እየም ዝነበሩ።

ከም ኣብነት ንምጥቃስ ካብቶም ሽዑ ዝተመደቡ መማህራን ትግረ ናይ ሉሚ ህቡብ ስነ ጥበባውን ደራስን መማህር መሓመድስዒድ ዐሰማን ደረጃ ትምህርቱ 2ይ ክፍሊ እዩ ነይሩ። መማህር መሓመድስዒድ ብቓሉ ከም ዝማስከሮ ከኣ፡ "ኣነ ደረጃ ትምህርተይ ንምምህርና ብቑዕ ኣይኮነን። ሰዓት ክንደይ ኣሎ ተባሂለ'ውን ክምልስ ስለ ዘይክእል ከመይ ገይረ ክምህር?" ብምባል ክቃወም'ኳ እንተ ፈተኑ፡ "በ ቡ ... እተን ፊደላት ጥራይ'ውን ትፈልጥ እንተ ኼንካ ፊደላት በ ቡ ትምህር!" ተባሂሉ እዩ ተመዲቡ። እቶም ካልኦት'ውን መበኣታዊ ናይ ስሩምምህርና ስልጠና ተዋሂብዎም ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተላእኩ መማህራን ትግረ ብዕድመ ንኣሽቱ መሳቱ እቶም ተመሃሮ፡ ደረጃ ትምህርቶም'ውን ካብ 4ይ ክፍሊ ንታሕቲ እዩ ነይሩ። ደሓር ግን ኣብኡ እናመሃሩ እናተማህሩን ናይ መበኣታ ደረጃ ትምህርቲ ዛዚሞም።

ኣብቲ እዋን'ቲ መድረኻዊት ጭርሖ ህዝባዊ ግንባርን ቤት ትምህርቲ ሰውራን ዝነበረት ብተግባር ከኣ ዝተሰርሓላን ዘፍረየትን "ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ይመሃር!" እትብል'ያ ነይራ። በዚ መሰረት እቲ ብዙሕ ዝፈልጥ ነቲ ውሑድ ዝፈልጥ ይምህር፡ እቲ ውሑድ ዝፈልጥ ከኣ ነቲ ዘይፈልጥ (መሃይምነት ዘጥፍኣ) ይምህር - ኩሉ በበይንቅሙ ይህብን ይቕበልን።

ጋርነት ፍቓድ ድራር

ይቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Process Trainer**
**Number required – (1)**
**Type of contract – Definite for 2years**

### Major Duties and responsibilities

- To provide comprehensive training and coaching to national processing plant operators in safe, efficient, and effective operation of the copper and zinc concentrator.
- The trainer ensures operational readiness and competency development to meet production and safety standards.

### TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Deliver hands-on and classroom-based training for Cu and Zn concentrator operations including crushing, grinding, flotation, thickening, filtration, and tailings disposal.
- Develop training materials, SOPs, and competency-based assessment tools in line with plant design and metallurgical requirements.
- Train operators in plant start-up, shutdown, troubleshooting, and emergency procedures.
- Ensure all training is aligned with the company's HSE policies, operational standards, and metallurgical goals.
- Conduct on-the-job training and mentoring for control room and field operators.
- Evaluate trainees' knowledge and skills and provide structured feedback.
- Assist in developing training plans and training needs analysis for processing personnel.
- Work closely with operations, maintenance, and metallurgical teams to identify process improvement opportunities and integrate these into training.
- Ensure proper documentation of training records, competency matrices, and progress tracking

### Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Diploma or Degree in Mineral Processing, Metallurgy, or related discipline. |
| Working Experience – Nature & Length | Minimum 10 years' experience in copper /zinc concentrator operations.<br>Previous experience in training or supervisory role within a processing plant.<br>Strong understanding of flotation circuits, process control systems, and metallurgical sampling.<br>Excellent interpersonal and communication skills.<br>Experience working in multicultural environments is highly desirable. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | Ability to manage, guide, and mentor teams in a high-pressure environment.<br>Ability to analyze data, identify issues, and propose effective solutions.<br>Strong communication skills and ability to work collaboratively with multidisciplinary teams.<br>Proficiency in the use of metallurgical modeling and analysis software.<br>Knowledge of safety, environmental, and regulatory requirements in metallurgical operations. |
| Other skills and abilities | Strong leadership and mentoring skills<br>Excellent communication and presentation skills<br>High safety awareness and discipline<br>Practical problem-solving ability<br>Patience and cultural sensitivity<br>Strong analytical and problem-solving skills.<br>Excellent organizational and time-management skills.<br>Ability to work independently and as part of a team. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Site
- **Type of contract:** Definite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ሪፖርታዥ

# ጽንብል መመረቕታ ተመሃሮ ኮሌጅ ሓመልማሎ

ገርግስ ፍቓድ ድራር

ብሃገራዊ ራእይን ውጥንን፣ ንምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ልምዓት ሃገርን ኣብ ዓመት 2005 ዝተመስረተ ሕርሻዊ ኮሌጅ ሓመልማሎ ዚሓለፈ ሓሙስ ዕለት 17 ሓምለ 2025 መበል 18 ጽንብል መመረቕታኡ ብምዕሩግ ኣገባብ ኣካይዱ። ሕርሻዊ ኮሌጅ ሓመልማሎ መንግስቲ ፍሉይ ቆላሕታ ብምሃብ ከም ዘምስረቶ ካብ ዚገበሮ፣ ብደረጃ ሃገር ካብ ዘለዉና ትካላት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ምርምርን ምስቶም ብቑዓትን ዘስርዑ ኮይኑ፣ ብመንግስትን ሕብረተሰብን ልዑል ተገዳስነትን ኣቓልቦን ዝወሃቦ ትካል እዩ። እዚ ኮሌጅ`ዚ ቡብዓመቱ ዓይነታዊ ዕበየት እናርኣየን እናሰፍሐን ብምኻድ፣ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርን ኩለን ዞባታትን ዝመጽኡ፣ ደቂ ኩለን ብሄራትና ዝኾኑ ብሉጻት ተመሃሮ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ሕርሻዊ ሞያ ኣሰልጢኑን መልሚሉን ዘመርቕ ኮሌጅ ኢዩ። እዚ ኣብ ማእከል ዕመር ጀራዲንን ገምገም ሩባ ዓንሰባን ዝተደኮነ ኮሌጅ፣ ኣብቲ ቀደም ብጀርዲን መኪሲ ዚፍለጥ ዚነበረ ካብ ከረን ብወገን ሰሜን፣ ኣብ ቀንዲ ማስመር ከረን - ሳሕል ኣስታት 14 ኪሎሜተር ርሒቑ ደርኩቡ።

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ካብ ዝምስረት ክሳብ ሕጂ፣ ብድምር 6971 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ሕርሻዊ ሞያ ኣሰልጢኑ ብቑዓትን ካልኣይን ዲግሪን ብዲፕሎማን ኣመሪቑ ኣሎ። ኣብ ናይ ሎሚዘበን መመረቕታ ከኣ ኣብ ዓውድታት ስነ-ፍልጠት ኣዝርእቲ፣ ስነ ፍልጠት እንስሳታት፣ ስነ ፍልጠት መግብን ቴክኖሎጅን፣ ስነፍልጠት


ቀሺ_ተስፋሚካኤል_ገብረማርያም ምስ ተመራቒት ጓሉ

ኣሕምልትን ፍሬታትን፣ ሃብቲ መሬትን ኣከባብን፣ ጥዕና ኣትክልትን ሕክምና እንስሳታትን 160 ተመሃሮ ብዲግሪ 40 ከኣ ብዲፕሎማ ብድምር 200 ተመሃሮ፣ ትምህርቶም ብትግሃትን ብዓወትን ዚዛዘሙ ተመሪቖም ኣለው። ኣብቲ ኮሌጅ ኪመሃሩ ናይ ዚሓንጹ ተመሃሮ ብዚለ ኣስታት ሓደ ሽሕ ዝበጽሕ ኮይኑ ካብ`ዚኣቶም 551 ናይ ዲግሪ 413 ከኣ ናይ ዲፕሎማ ትምህርቶም ዝተኸታተሉ እዮም። ኣብ ኮሌጅ ሓመልማሎ ብፍሉይነት ዚጥቀስ ምዕሩይ ተሳታፍነትን ጸብለልታን ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ከም ናይ ቀረባ መነጻጸሪ ኣብ ናይ ሎሚዘበን ተመረቕቲ እንተርኢና 52.5% ደቂ ኣንስትዮ ኪኾና ከለዋ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ 47.5% እዮም። ኣብ ዓመት 2005/2006 ኣብ ምጅማር ዝበረ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ናይ ዲግሪ ተመሃሮ 7% ጥራይ ዝበረ ሎሚዘበን 57% በጺሑ ኣሎ - ዓቢ ለውጥን ኩነታትን።

እቲ ጸብለልታ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዓመት 2016 ዝጀመረ ኮይኑ ብስሩዕ እናቐጸለ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ልዕሊ 60% ዝበጽሓሉ ወጽኢት`ውን ተሰኒዱ ኣሎ።

ዲን ሕርሻዊ ኮሌጅ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ኣብ`ቲ ናይ ምምራቕ ኢጋጥሚ ኣብ ዘቕረቦ መደረ፣ ብስም መማህራን፣ ኣባላት ምምሕዳርን ተመሃሮን ሓመልማሎ ንዕዱማት ኢጋይሽን ወለድን ናይ እንቋዕ ኣብቀዓና ሰላምታኡን የቐናኡን ድሕሪ ምምሕልላፍ፣ ንሓፈሻዊ ድሕረባይታዊ ታሪኽን ኩነታትን ናይቲ ኮሌጅ ዚገልጽ ጽማቝ መብርሂ ኣቕሪቡ። እቲ ኣቓዲሙ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ዝበረ፣ ቀጺሉ ከኣ ናብ ሕርሻዊ ኮሌጅ ዝዓበየ ትካል ኣብ ውሽጢ እዘን ናይ ክልተ ዓሰርተታት ዓመታት ዕድሜኡ ብዙሕ ናይ ሕርሻ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣፍርዩ ኣሎ። በዚ ኮሌጅ`ዚ ሓለፍም ከም ክኢላታት ሕርሻ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላትን ኣሃዱታትን መንግስቲ ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ መንእሰያት ኣብ ልምዓት ሃገር ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ምህላዎም ዝተፈላለየ ጸብጻባት ኣስረግጽቲ ትካላት ይምስክሩ።

ኣብቲ ኮሌጅ 50 መማህራን ኣለው። ካብዚኦም 27 ደቂ ሃገር ኪኾኑ ከለዉ 23 ድማ ደቂ ወጻኢ እዮም። ንቐጻሊ ከም ዕላማ ቁጽሪ ወጻእተኛታት ብምውሓድ ብደቂ ሃገር ንምትካእ ጻዕሪ ይቃየድ ምህላው. ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ገሊጹ። ተመሃሮ ምስ ሞያኦም ዝተሓሓዘ መሳለጥያታት ኣብ ዝርከባለን ሚኒስትሪታትን ትካላትን ብምኻድ ግብራዊ ምርምርን ተመኩሮን ዝቐስሙሉ ስልጠናታት ከምዝወስዱ ብምጥቃስ፣ ኣብዚ እዋን`ዚ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃሃድ ፕሮጀክት፣ ኣብ ምምስራሕ ወጽኢት ጸብ ዘተኮረ ምርምራዊ ስራሕ`ቲ ኮሌጅ ኣብ ዝቐጸለ ወርሒ. ማስከረም ኪዛዘም ትጸቢት ከምዝዀበረሉ ገሊጹ። ኣብ መዛዘሚ ከኣ ናይ ቀጻሊ. ውጥን መደባት፣ ዝተፈላለየ ዝተተግበረን ኣብ እማመ ዝርከበን ጽጉናዊ ንጥፈታትን ካልእ መደባትን ሓቢሩ፣ብርዱእ ምኽንያት ከም ኣብ ኩለን ኮሌጃትና ዝተራእየ፣ ብሰንኪ`ቲ ኣብ ጊዜ ለቡዳ ኮሮና ዘጋጠመ ሃንፍ ተመሃሮ ዲፕሎማ፣ ናይ ሎሚዘበን ተመረቕቲ ኮሌጅ ሓመልማሎ ካብቲ ናይ ካልእ እዋን ብቑጽሪ ዝውሓዱ እዮም።

ናይ`ቲ ዕለት ምምራቕ ናይ ክብሪ ዕዱም ብምኽንያት ንቕንኣስር ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምውካል መደረ ዘቕረበ ሚኒስተር መሬት ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ እዩ። ሚኒስተር ተስፋይ ኣብ ዘስመዖ ቃል ንተመረቕቲ፣ መማህራን፣ ወለድን ንኹሎም ናይ`ቲ ጽንብል ተሳተፍትን ዝኾኑ የቐናኡ ድሕሪ ምቕዳም ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ “ ኩልና ከም እንፈልጦ፣ ኣብ ሰፊሕ መጠነ ምንጋፍ ዘይከኣለት ሃገር፣ ኣብዚ ናይ ውድድር ዓለም ስለዘይትሰርር፣ መኸተ ኣንጻር ድሕረት ን ድኽነትን ንዚፈጋታት ብመጠኑን ዓይነቱን እኹልን ብቑዕን መጠነ ንምውሓስ ብዙየድ መኸተ እዩ ዚፍለም። በዚ ሎሚ ዝቖየድ ዘሎ ወግዓዊ ጽንብል፣ መለክዒ ናይዚ ኮሌጅ ብዞግልእ ኣገባብ ክትከታተልዎ ዝጸናሕኩም ትምህርቲ ከምዝዘዘምኩም ጥራይ ኣይኮነን ዘመልክት። ዝደለብኩሞ ፍልጠትን ኣብ ተመኩሮ እተሰፍሕዎ ሞያዊ ብቕዓትን ተጠቒምኩም፣ ነዚ ብቑዓትን ዝስራዕ ሃገራዊ ዕማም ብእተበርክትዎ ስራሕ፣ ኣብ ሕብረተሰብን ገድሊ ልምዓትን ሃገርና ኤርትራ ቦታኹምን ተደላይነትኩምን ዕዙዝ ምኳኑ`ውን ዘመልክት እዩ” ኢሉ።

ቀጺሉ`ውን ሚኒስተር ተስፋዩ፣ ሕርሻዊ ኮሌጅ ሓመልማሎ ንዝተመዛዘሉን ትጸቢት ዝገበረሉን ዕማም ኣሰሊጡ ክበሃል እንተኾይኑ ዝሰልጠኑን ምሩቓትን መንእሰያት`ዚ ኮሌጅ ብዝዑበርዎ ብደሀታት ናይ ምግጣም ዓቕሚ መጸናዕትን ምርምርን፣ ግብራዊ ፍታሕ ዘምጽኡ ሓይሊ. ብምዃን ሃገርና ካብቲ ያታውን ንቕድሚት ዘየሰጉምን ኣገባብ ሕርሻ ተገላጊሉ፣ ብቴክኖሎጂ ኣብ ዝተደገፈ ምዕቡልን ኣፍራይን ኣገባብ ንምስጋጋር ጸላውን ዝፍጼብጥ ኣበርክቶን ምስ ዝህልዎም ምኳኑ ጠቒሱ።

ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዚመሃሩ ተማሃሮ ከምቲ ናይ ካልኦት ኮሌጃትና ንማዕርነት ጾታን ሕብረ-ብሄራትናን ብዝንጸባርቕ ኣገባብ ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጽኡ እዮም። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ወለዲ ተመረቕቲ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ብዚመስል ኣገባብ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታትን ከባቢታትን ሃገርና ካብ ዞባታት ቀይሕ ባሕሪ ምጽዋዕን ዓሰብን ክሳብ ተሰነይ፣ ካብ ቃሮራን ናቕፋን ክሳብ ዛላምበሳን ዓዲኳላን፣ ብሓፈሻኡ ካብ ቀረባን ርሑቕን፣ ከበሳታትን መታሕትን ካብ ዓድታት ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ ዝመጽኡ ዜጋታት እዮም። ኣቕሽሽቶትን መሻይኽን ዘርከብዎም፣ ብዘበናዊ ክዳን፣ ዘርያን ለውየትን፣ ጀለብያን ኩዳን ሓበሻን ናይ ዝተፈላለያ ብሄራትና ኣለባብሳ ዝወከሉን ዚማዕረጉን እዮም ነይሮም። ምስቲ ልሙዕ መሳጥን ምስሊ. ክራማት ካብ ገጽ ነፍሲ.ወከፍ ናይቲ ጽምብል ተሳታፊ፣ ተመረቕትን መማህራኖምን፣ ወለድን ዕዱማትን ዝምንጩ ብሩህ ፍሽኽታን ድሙቕ ታሕጓስን ፍሉይ ጦብላሕታን ስምዒትን ዘፈጥሮ ነይሩ። ኣብቲ መመረቕታ ዝርከቡናዮም ገለገለ ተመሃሮን ወለድን ጦብላሕታኦም ከፍሊና ተወኪሶናዮም ነይርና።

ካብ ዓዲኳላ ኣብ ጽምብል መመረቕታ ጓሎም ሳሊም ተስፋሚካኤል ክሳተፉ ዝመጹ ቀሺ. ተስፋሚካኤል ገብረማርያም “ብመጀመርያ ነዚ ሓገስ`ዚ ዘበቕዓና ፈጣሪ ምስጋና ይብጻሓዮ። ወላዲ. ምውላድ ጥራይ ዘይኮነ ዕበየትን ኩነታትን ደቁ ክከታተል ይግባእ። ወላዲካ ኣብ ከምዚ ደረጃ በጺሑ ምርኣይ ናይ ብሓቂ ዘሐጉስ ኢዩ። ከምቲ መንግስቲ ተኸናኺኑ ኣብዚ ደረጃ`ዚ ዘበጽሖም ከኣ፣ ደቕና ብጉዱኦም ብሞያኦም ተወፍዮም ንህዝቦምን ሃገሮምን ከገልግሉ እምነተይን ትምኒተይን ኢዩ” ኢሎም።


ብሞያ ስነፍልጠት እንስሳታት ብዲግሪ ዝተመረቐ ተመሃራይ ተስፋይ ኣብርሃ ካብ ርሑቕ ገጠራት ኤርትራ ካብ ዞባ ደቡብ ካብ ን/ዞ ሞልቑ ዝመጸ ኢዩ። ኣብቲ ዝተወልደሉን ዝዓበየሉን ከባቢ. ካብ መባእታ ክሳብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ኢዩ ተማሂሩ። ብፍላይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ንምክትታል ናይ 6 ሰዓታት ጉዕዞ እግሪ ኢዩ ዝመላለስ ነይሩ። ድሌትን ንጹር ራእይን እንተሃልዩ ዕላማኻ ንምትግባር ዓጋቲ ሓይሊ. ስለዘየለ ከኣ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊሩ ሎሚ ብዲግሪ ተመሪቑ ኣሎ። ተመሃራይ ኣብርሃ “ብፍላይ ኣብ ገጠራት ዘለዉ. መንእሰያት ንዚ. ብመንግስትና


ተመሃራይ_ኣብርሃ_ተስፋይ

ተጣቢሑልና ዘሎ ወርቃዊ ዕድል ክንጥቀመሉ ኢዩ ዘሎና። ኣነ ኣብ ገጠራዊት ዓድና ዝተመሃርኩላ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኣብዚ. እዋን`ዚ. ናብ ማእከላይ ዓብያ፣ እታ ማእከላይ ዝተመሃርኩላ ከኣ ናብ 2ይ ደረጃ ዓብያ ስለዘላ ናይ ሎሚ መንእሰያት ኣሕዋትና ነዊሕ ከይተጓዕዙን ብዙሕ ከይተሸገሩን ክመሃሩ ዝኽእሉ ዕድል ተረኺቡሎም ስለዘሎ፣ ካብ ተመኩሮና ዚያዳ ተረባሕቲ ኪኾኑ ኢዩ ከዘኻኽርዎም ዝደሊ.” ብምባል ስምዒቱ ኣመሓላሊፉ።

ካብ ሓረስቶት ኣቦታት ሓመልማሎ ኣቶ እድሪስ ኖር መሓመድ “ እዚ ኮሌጅ`ዚ ኣብ ከባቢና ምህናጹን ምህላዉን ዓቢ ጸጋ ኢዩ። ደቕና`ውን ዝም ቡብዓመቱ ጋውን ተኸዲኖም ዝምረቑ ተመሃሮ እናረኣዩ በቲ ጽልዋኦም ቅዱስ ቅንኢ. ኣሕዲሮም ልዕሊ. ዝኾነ እዋን ኣብ ትምህርቲ ተገዳስነት የርእዩን ተመሃሮ ኮሌጅ ክኾኑ ይብህጉን ኣለዉ.” ብምባል መልእኽቱ ዛዚሙ።


ሚኒስተር መሬት፣ ማይን ኣከባብን፣ ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ





ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ



# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ኣብ ዞባ ማእከል፡ ስልጠና ኣትለቲክስ ተዋሂቡ

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓቕሚ ኣሰልጠንትን ዳያኑን ኣትሌቲክስ ንምብራኽ ክካየዱ ዝጸንሑ ስልጠናታት፡ ንኣሰልጠንትን ዳያኑን ስልጠና ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣካዪዱ።

እዚ ካብ 16 ክሳዕ 19 ሓምለ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንዝርከቡ ክለባትን ንኡሳን ዞባታትን ዘሰልጥኑ ዘለዉ ኣሰልጠንትን ኣብቲ ዞባ ንዝካየድ ውድድራት ኣትሌቲክስ ዝዳንዩ ዳያኑን ካልኦት ኣባላት እቲ ፌደረሽንን'ዩ ተዋሂቡ።

እዚ ንልዕሊ ሓሙሽተ ኣርባዕተን ኣባላት ማሕበረሰብ ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣሰልጠንትን ዳያኑን ኑቲ ዕሊታዊ ዝካየድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንሓደስቲ ምዕባለታት ብዝበለጸ ክመልከቱ፣ ዘጋጥሞም ብድሆታት ብእወታ ክምልሱ ዝሕግዝ ስልጠና ኮይኑ፣ ካብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስትን ኣባላት ፌደረሽንን ብዝመጹ ኽኢላታት፣ ውሽጣዊ ሕግታትን መምርሒታትን ኣትሌቲክስ፡ ዳንኑትን ሓደስቲ ሕግታቱን፡ ጥቡቕ ምስልጣንን ምዕባለታቱን፡ ኣብ ኣትሌቲክስ ዘጋጥሙ ዝበዝሑ ኣካላዊ ጉድኣታትን ኣገባብ ኣፈዋውሳኡን፡ ሓፈሻዊ ኣምር ምሕደራን ምድላው ጸብጻባትን ዝብሉ ኣርእስታት ዝጠቓለለ ስልጠና እዩ።

## ውዕሎ ቱር ደ ፍራንስ መበል 14 መድረኽ

### ሬምኮ ኤቨኖፖልን ስኬልሞስን ካብ ዙር ፈረንሳ ተኣልዮም

ኣርባዕተ ተረርቲ ዓቐብ ኣጠቓሊላ ኣብ 182.6 ኪሎ ሜተር ዝተሰላሰለት መበል 14 መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ኣብ ዓቐብ ክኢላታት ዝኾኑ ተቐዳደምቲ ክዕወቱ ትጽቢት ዝተገበረላ ውድድር'ያ ኔራ። ኣብዛ ኣብ ዓቐብ ዝተዛዘመት መድረኽ ድማ፡ ሆላንዳዊ ታይመን ኣረንሶማን ተዓዊቱ።

ኣብዛ መድረኽ ኣብ መበል 70 ኪሎሜተር ኣብ ዝተኻየደት ቅጽበታዊ ውድድር (ሾላታ) ፡ ቀጠልያ ማልያ ንምውናን ዝተሃላለኹ ዘለው ተቐዳደምቲ ተዓዊቶምሉ። ኣብዛ ቅጽበታዊ ውድድር ቀጠልያ ማልያ ኣብ ዝሓዙ ለበሱ ዘሎ፡ ጆናታን ሚላን ቀዳማይ ብምእታው 20 ነጥቢ ክረክብ እንከሎ፡ ቫን ደርፖል ተኸቲሉዎ ብምእታው 17 ነጥቢ ረኺቡ፡ ብንያም ግርማይ ድማ፡ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ 15 ነጥቢ ሓፊሱ። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ኣብ ዝግበር ዘሎ ቕልስ፡ ጆናታን ሚላን ብ251 ነጥቢ ኸምርሕ እንከሎ፡ ታደይ ፖጋቻ ብ206፡ ማዝሎ ቫን ደርፖል ብ190፡ ብንያም ግርማይ ብ169 ይስዕብዎ ኣለዉ።

ዓሚ ንፖጋቻን ቪንገጋርድን ሰዒቡ ኣብ ብዮጫ ማልያ ዙር ፈረንሳ ሳልሳይ ተርታ ሒዙ ዝወደኣ፡ ናብ ናይ ትማሊ መበል 14 መድረኽ ጻዕዳ ማልያ ለቢሱ ዝኣተወን ሬምኮ ኤቨኖፖል ብዝገጠሞ መወደቕቲ ካብ ዙር ፈረንሳ ተኣልዩ። ከምኡ'ውን ንክሉብ ሊድል ትረክ መራሑ ኣብ ብዮጫ ማልያ ምስ ሻዕለምት ዓሰርተ ተቐዳደምቲ ንምውዳእ ዕላማ ገይሩ ዝመጸ ማትያስ ስኬልሞስ'ውን ኣብዛ ብመድረኽ ብዝገጠሞ ምውዳቕ ካብ ዙር ፈረንሳ ወጺኡ ኣሎ።

ሎሚ ዝቕጽል መበል 15 መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ 169.3 ኪሎ ሜተር ዝሸፍን እዩ።

## ኣል ሂላል፡ 'መሳጢ ውዕል' ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ተቕርብ

ኣብዚ ክራማት ናይ ምጥቃዕ መስመራ ከተደላድል ኣንቂዳ ዘላ፡ ካብ ጋንታት 'ፕሮ ሊግ' ስዑዲ ዓረብ ዝኾኑት ኣል ሂላል፡ ኑቲ ኣብ ኒውካስል ወሳኒ ተጻዋታይ ዘሎ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ 'መሳጢ ውዕል' ከም ዘቕረበትሉ ተገሊጹ።

እዚ ናይ ኣል ሂላል ጻውዒት፡ ድሕሪ'ቲ ሊቨርፑል ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ንምውናን፡ ክብረ-ወሰን ዕድጊ ብሪጣንያ ክሰብር ዝኽእል ናይ 130 ሚልዮን ፖንድ ዘቕረበቶ ጠለብ፡ ብኒውካስል ምንጻጉ ዝስዕብ ዘሎ'ዩ።

እቲ ብዓርቢ ዝተዘርግሐ ዜና፡ ሃብታም ክሉብ ኣል ሂላል፡ ንክለቡን ንኣሌክሳንደር ኢሳቕን ክስድዕ ዝኽእል ህጡር ገንዘብ ብምስዳዕ 'መሳጢ ውዕል' ሒዛ ከም ዝመጸኣት እዩ ዝገልጽ።

እዚ ናይ ኣል ሂላል ጠለብ ኑታ ንኣሌክሳንደር ንምውናን ክትንቀሳቐስ ዝጸንሐት ሊቨርፑል




ዘሰንብድ ዜና ከም ዝኾነ'ን ይሕበር።

ብዘዕባ መጻኢኡ ክሳዕ ሕጂ ዝኾነ ርእይቶ ዘይሃበ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ናብታ ኪኖ ገንዘብ መሳጢ ውጥን ቀሪባትሉ ዘላ ሊቨርፑል ደ ዋላስ ኑታ ህጡር ገንዘብ ስሊዓትሉ ዘላ ኣል ሂላል ይመርጽ ዝተፈልጠ የለን። ገለ ኣካላት'ውን ኒውካስል ተሳትፎ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣውሒሳ ብምህላዋ ምስኣ ኽጸንሕ'ዩ ዝብሉ ኣለዉ። ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ሳዕለዋይ ክኢላ ምኳኑ ዝገለጸ ሮማን ፋብሪዝዮ ብወገኑ፡ መጻኢ ኣሌክሳንደር ክፉት ከም ዘሎ ይሕብር።

ኣሌክሳንደ ኢሳቕ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብርክት ዝበሉ ሸቶታት ብምዝጋቡ፡ ክለቡ ድሕሪ 70 ዓመት፡ ዋንጫ ካራባኦ ካፕ ከተልዕልን ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትጽንበርን ዘይንዓቕ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ብዘሎዎ ዘይምሕራ ኣኢጋር ከኣ ዓይኒ ዓበይቲ ክለባት ስሒቡ ደርኪቡ። ዋላ'ኳ ኒውካስል 'ዘይሽየጥ' ተጻዋታያ ምኳኑ ደጋጊማ እንተ ሓበረት፡ ዝተፈላለያ ክለባት ግን ልዳታ ካብ ምኹሕኳሕ ኣየዕረፋን።

## ጉዕዞ ራሽፎርድ ናብ ባርሴሎና ተቓሪቡ



ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ናብ ባርሴሎና ናይ ምኻድ ባህጉ ከም እተቓረበ ማዕከን ዜና 'ቢቢሲ' ገሊጹ።

ራሽፎርድ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ካብ ናይ ኣሞሪም መሰርዕ ምስ ተኣገረ፡ ኣብቲ ክፍትና ዝደሊ ሓዳሽ ብድሆ፡ ዓባይ ክሉብ ባርሴሎና መጻልቦኡ ክትከውን ከም ዝደሊ ኣተንቢሁ ነይሩ። ይኹን እምበር ባርሴሎና፡ ንወዲ 22 ዓመት ስጳኛዊ ኒኮ ዊልያምስ ንምፍራም ተበግሶታት ክትወስድ ብምምራጻ ባህጉ ክዉን ክኸውን ኣይከኣለን። ሕጂ ግን ዊልያምስ፡ ምስ ኣትሌቲክ ቢልባኦ ን10 ዓመት ዘጸንሖ ውዕል ብምፍራሙ፡ ንራሽፎርድ ብልቓሕ ክትወስዶ ተበግሶ ተርኢ ኣላ፡ ናይ ባርሳ ድሌት፡ ክሳዕ ምሉእ ምስግጋር ዘኽእል ልቓሕ እዩ።

ወዲ 27 ዓመት ራሽፎርድ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ካልኣይ ወቕቲ ስፖርት ብልቓሕ ናብ ኣስቶን ቪላ ተሰጋጊሩ'ዩ ጸኒሑ። ማልያ ኣስቶን ቪላ ለቢሱ ኣብ ዘካየዶ 17 ግጥማት፡ ኣርባዕተ ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ሽዱሽተ ከዓስሱ ድማ ቀረብ ኣሽቶ ገይሩ። ኣሞሪም እንከሎ ግዳ ማልያ ዩናይትድ ናይ ምልባስ ተኽእሎ ከም ዘይብሉ ዝኣምን ራሽፎርድ፡ እዚ ናይ ባርሴሎና ጻውዒት ሓጎስ ኣሉ ክቕበሎ ትጽቢት ይግበረሉ።

ማንቸስተር ዩናይትድ ብወገና፡ እዚ ናይ ባርሴሎና ናይ ልቓሕ ጻውዒት ክዉን እንተ ኾይኑ፣ ንማንቸስተር ዩናይትድ ግዙፍ ኣታዊ ስለ ዝፈጥረላ፡ እዚ ተበግሶ ናይ ባርሴሎና ብእወታ ከም እትርእዮ ጋዜጠኛታት ስፖርት ይሕብሩ።

ራሽፎርድ፡ ካብዮም ሓሙሽተ ዘድልዩ ተጻወትቲ ዩናይትድ ተባሂሉም በይናም ልምምድ ክገብሩ ዝተኣዘዙ ተጻወትቲ፡ እቲ ዝልዓለ ደሞዝ ዝኸፈል እዩ።

## ናብ ገዛእ ልዳቶም ዝበዝሐ ሸቶ ዘመዝገቡ ተጻወትቲ

ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ፡ እቲ መሪር ክውንነት ናብ ገዛእ ልዳትካ ሸቶ ምቑጻር'ዩ። ንጋንታትካ ክትከላኸል መዲኻ ተሰኪምካ ከተብቅዕ ብጌጋ ናብ ገዛእ ርእስኻ ሸቶ ከተመዝግብ፡ ንዓኻን ንደገፍቲኻን ሕማም ርእሲ ዝኾነ'ዩ። ንገለ'ውን ኽሀይወቶም ክሳዕ ዝፈታትን ክስተት የጋጥሞም እዩ። ንሎሚ መርበብ ሓበሬታ 'ጊቭ ሚ ስፖርት' ተወከሰና ንገለ ዝበዝሐ ሸቶ ናብ ገዛእ ልዳቶም ዘቑጸሩ ተጻወቲ ነቕርበልኩም።

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ናብ ገዛእ ልዳቱ ዓሰርተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ሪቻርድ ዱነ እዩ። እዚ ናይ ማንቸስተር ሲቲ ተጻዋታይ ዝነበረ፡ ኣብ ታሪኹ ምስ ኤቨርተንን እናተጻወተ እንከሎ፡ ኣብ 60 ግጥማት ዝኾነ ጉድኣት ብዘይምውራዱ ፍሉይ ዝነበረ እዩ። እንተ ኸነ ናብ ሲቲ ምስ ገዓዘ ሕሞቕ ዛንታ ክጽሕፍ ጀሚሩ። ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ምምዝጋብ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2004 እዩ ጀሚርዎ። ብድሕሪኡ ከኣ መትሓዚ ተሳኢንዎ። ደቂ ጋንታኡ ንሱ ኩዕሶ እንክሕዝ ልክዕ ከም ተጻወታይ ኣንጻር ጋንታኦም ክፈርሕዎ ጀሚሮም። ዝኾነ ኩዕሶ ናብ ድሕሪት ክትምለስ እንከላ ብሰግኣት ክትጥመት ጀሚራ። እቲ ሕሞቕ ዝነበሮ ኸኣ ኣብ ውድእ ግዜ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ የመዝግብ ምንኳኑ'ዩ። ፍርቓን ካብተን ዘመዝገበን ሸቶታት ጸወታ ክዛዘም 15 ደቒቕ ክተርፎ ኸሎ ክኸሉና እንከለዋ፡ ሓንቲ ድማ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ማለት ኣብ 93 ደቒቕ ዝኣተዋ እያ። ዱነ ማልያ ኣስቶን ቪላ ለቢሱ ክጻወት እንከሎ፡ ኣብቲ ምስ ከውፒኣር ዝካየድዎ ዝነበሩ ግጥም ኣብ 93 ደቒቕ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ብምምዝጋብ ጋንታኡ ማዕረ ከም ትወጽእ ዝገበራ ግጥም ዘይትርሳዕ እያ። ዱነ እታ ናብ ገዛእ ልዳቱ ናይ መወዳእታ ሸቶ ዝኣተዋ፡ እታ ኣብ ጥቅምቲ 2014 ንሓዳስ ጋንታኡ ከውፒኣር ብሊቨርፑል 3ብ2 ተሳዒራ ክትወጽእ ዝገበራ እዩ።



ብሻሞንተ ሸቶ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ፍራንኮ ባረሲ እዩ። ፍራንኮ ብሰፈሑ፣ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እቲ ዝበለጸ ናይ ማእከል ተኸላኻላይ እናተባህለ እዩ ዝጽዋዕ። ብዙሓት ወገናት ድማ እቲ ምስ ኤሲ ሚላን ብምኻን ናብ ገዛእ ልዳቱ ዝኣተዎ ሻሞንተ ሸቶታት ነዚ ተጻዋታይ ኣይገልጾን'ዩ ይብሉ። ፍራንኮ ባረሲ ምስ ሚላን ብምኻን ሽዱሽተ ዋንጫ ሰሪ ኣ፡ ሰለስተ ዋናጩ ኤውሮጳ ከልዕል ዝኸኣለ'ዩ። እዚ ተጻዋታይ ማልያ ኤሲ ሚላን ብምልባስ ኣብ 532 ግጥማት ክሰለፍ እንከሎ፡ ን20 ዓመት ድማ ብተኣማንነት ኣገልጊልዋ። ኤሲ ሚላን ክተልዕለን ኣብ ዝኸኣለት ኩለን ዋናጩ ናይዚ ተጻዋታይ ኣበርክቶ ልዑል ብምንባሩ፣




ደገፍቲ ሚላን ኑተን ፍራንኮ ባረሲ ናብ ገዛእ ልዳቱ ዘመዝገበን ሻሞንተ ሸቶታት ፈጺሞም ኣይዝክርወንን እዮም።

ሻሞንተ ሸቶ ናብ ገዛእ ልዳቱ ብምእታው ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተቐሚጡ ዝርከብ ሪካርዶ ፌሪ እዩ። እዚ ናይ ኢንተር ሚላንን ሳምፕዶሪያን ሓርበኛ እናተባህለ ዝጽዋዕ ስፖርተኛ፡ ኣብ ግዜኡ ካብ ዝነበሩ ተኸላኸልቲ 'ብምርጫድ ክላስ' እዩ ዝፍለጥ። እዚ ኢጣልያዊ ኮኾብ ኑታ ንምክልኻል ቀዳምነት ትሰርዕ ሃገር ዜጋኣ ብምኳኑ በዚ ዘመዝገቦ ሸቶታት ኣብ ዘይርሳዕ መዝገብ ሰፊሩ ደርኪቡ። እንተ ኸነ ዋላ'ኳ ሻሞንተ ሸቶታት ናብ ገዛእ ልዳቱ የእቱ ብደቂ ጋንታኡን ኣንጻሩ ተሰሊፎም ዝጻወቱ ዝነበሩን ግን ብዘለዎ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ብዘየወላውል ኣብ ቅድሚት እዩ ዝስራዕ።




ብሸውዓተ ሸቶታት ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተቐሚጡ ዘሎ ድማ ማርቲን ስክርተል እዩ። ጸላእቲ ንስክርተል ብገዛእ ሸቶታቱ ዝተዓደ እሱር እናበሉ እዮም ዝገልጽዎ። እዚ ኣብ ታሪኽ ስሎቫክያ ዝለዓለ ስም ክሕዝ እኳ ዝጠቐዐ እንተኾነ፡ ኣብ ሊቨርፑል ክመጽእ እንከሎ ግን ልዕሊ ካራገር በቲ ናብ ገዛእ ልዳቱ ዘመዝገቦ ሸቶ እዩ ዝዝከር። ንሱ፣ ልዕሊ ካራገር ዘዘከሮ ኣብ ሓደ ወቕቲ ማለት ኣብ 2013/14 ኣርባዕተ ሸቶታት ናብ ገዛእ ልዳቱ ብምምዝጋቡ እዩ። እዚ ሸቶ ኣከፋፈልቲ ኣብ ሓደ ዓመት ክጽሕዎ ዘሸገሮም እዩ። በዚ ኸኣ ሪከርድ ሐዙ'ኳ እንተ ጸንሐ ልዊስ ዳንክ ናይ ብራይተን ተመዓራሪዎ ኣሎ።

እቲ ኻልእ ተጻዋታይ ሊቨርፑል፡ ብሸውዓተ ሸቶታት ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ እዚ ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ 'ስካይ ስፖርት' ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ ኾይኑ ዝጽዩ ዘሎ ጄሚ ካራገር እዩ። ዝኾነ ተጻዋታይ ሊቨርፑል እትረፍ ባዕሉ ንጋንትኡ ክእትወላ ኣንጻር ጋንትኦም ዝኾኑ ተጻወቲ ዝኾኑ ተጻወትቲ ክእትውሎም ዘይድልዩወን ጋንታታት ኤቨርተንን ማንቸስተር ዩናይትድን እየን። ካሬገር ግን ምስዘን ጋንታታ ኣብ ዝገበርዎ ዝነበሩ ጸወታ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ከመዝግብ ተራእዩ እዩ። እቲ ዘገሪ ድማ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝገበርዎ ዝነበሩ ጸወታ ኣብ ሓደ ጸወታ ናብ ገዛእ ልዳቱ ክልተ ሸቶ ምምዝጋቡ እዩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኪዳኑ ምህረት<br>ፋርማሲ ሂወት<br>ፋርማሲ ኣምፔር | 20/07/2025 | ጎደና ሰሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ካብ ቤ/ትምህርቲ ሰማእ<br>ጎደና ብድሆ፡ ካብ ሾዱ (ጥቓ ኢኽስራንስ ባር)<br>ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሰሃግ ኣምፔር | 07113046<br>123355<br>121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565